


# ማኒፌስቶ ኣዋልድ ኢትዮጵያ
2017

MALALA FUND SUPPORTER

EDUCATION CHAMPION NETWORK ETHIOPIA

NEWA



# ማኒፌስቶ ኣዋልድ ኢትዮጵያ 2017

MALALA FUND SUPPORTER

EDUCATION CHAMPION NETWORK ETHIOPIA

NEWA

# ሰደቓ ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| መእተዊ | 4 |
| መቕድም | 5 |
| ፃውዒት ንተግባራዊ ስጉምቲን ለውጥን | 7 |
| ድምፅናን ናይ ምፍፃም ትካላዊ ዓቕምናን (ኤጀንሲ) ምጉላሕ! | 12 |
| መዳርግቲ ኣካላት ናብ ምንቅስቓስና ክጽንበሩ ንፅውዕ! | 18 |



# መእተዊ

ንሕና ኢትዮጵያውያን ኣዋልድ ኣብ መላእ ሃገር መሰላትናን መሰል ተበጻሕነት ትምህርትን ንክርጋገጽ ንምሕላቕ ብዘለና ናይ ሓባር ተወፋይነት ዝተኣኻኸብና ኢና ። ብድጋፍ ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ (Newa)ን ማላላ ፈንድን ብምትእኽኻብ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ፈደራላዊት ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ኣህጉራዊ ውዕላትን ዝተቐመጡ ሰብኣዊ መሰላትን መሰል ኣዋልድን ንምርዳኣን ንምፍልጥ ሰልጠና ወሲድና ኢና። እዚ ማኒፌስቶ ብምኽሪ ክኢላታት ተሓጊዝና በብክልልና ኣብ ስድራቤት፣ ማሕበረሰብን ሕብረተሰብን ዘሎናዮ ደርጃን ብምፍታሽ ንቲ ኣርእስቲ ምሉእ ርዳኢት ብምሓዝና ስዒቡ ዝመፀ እዩ። ናይ ሓባር ኣጀንዳታትና ኣለሊናን ተመያይጥናን፣ ኣብ ሕብረተሰብና ዘለና ቦታ ተዘራሪብናሉ፣ ኣብ ዘግድሱና ጉዳያት ሓሳብ ተልዋዊጥና፣ ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ሕጋውን ሸነኻት ጠለባትናን ቀዳምነታትናን ብኣግባቡ ክንገልጽ ኪኢልና ኣለና። ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ኢትዮጵያ ዝገበርናዮም ክልላዊ ልዝባት ዝፈጠሩልና ውልቃዊ ተመኩሮታትን ብልጫታትን ነዚ ናይ ኣዋልድ ማኒፌስቶ ንምድላው ጠቒሞዉና እዮም።

እዚ ማኒፌስቶ ራእያትናን ባህግታትናን ዝሓዝ እዩ። ንምድላው እዚ ማኒፈስቶ ዝከድናዮ ጉዕዞ ንምግምጋምን ትኽክልኛነቱ ንምርግጋፅን ከማኡ እውን ወሰንቲ እታዎታት ንምርካብን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሃገራዊ መርጋገፂ ወርክሾፕ (validation) ኣካይድና ኢና። እዞ መድረኽ ኣብኡ ኣጀንዳታትና ክግምገሙ፣ ክራጎዱን ክረጋግጹን ብምግባር እኩብ ድምጽታትና ብትኽክል ዝተወከልሉ ሕቡር መድረኽ ነይሩ።

# መቕድም

እዚ ማኒፌስቶ ኣዋልድ ኢትዮጵያ እኩብ ድምፅና ብቐጥታ ንባዕልናን ምእንተ ባዕልናን እንዛረብሉ ማኒፌስቶ እዩ። ዝተፈላለዩ ክልላት፣ ክፍልታት ሕብረተሰብ፣ ብሄራትን ሃይማኖታትን እንውክል ካብ ኩሎም ኩርናዓት ኢትዮጵያ ዝመፃና ኢና። ንሕና ካብ ገጠርን ከተማን፣ ማሕብርሰብ ኣርባሕቲ እንስሳ፣ ጉዳኣት ኣካልን ተመዛብልትን ዝመፃና ኣዋልድ ኢና። እዚ ማኒፌስቶ እዚ፡ ሽቶታትናን ከለላናን ንምርግጋፅ፣ ድምፅና ንክስማዕን መሰልና ንክንኽብርን እንኽተሎም ስትራተጂታት ጎስጓሳትን ዝሓዝ እዩ። ኣብ ኩሎም ንሂወትና ዝፀልዉ ጉዳያት ትርጉም ዘለዎ ውክልናን ተሳትፎን ክህልወና ዝፅውዕ እዩ። ድምፅና ዝስምዑሎም ጥራይ ዘይኮነስ ዝኽበርሎምን ዝፍፀመሎምን ውሑስ ቦታታት፡ ሕጋዊ ሓለዋታት ሓቖፍቲ መድረኻትን ኢና ንጠልብ ዘሎና። በዚ ማኒፌስቶ እዚ ኣቢልና ካብ ጥቕዓት፣ ኣድልዎን ጎዳኢ ልምድታትን ናፃ ኮይንና ናይ ምንባርን ኣብ ምቕራፅ መፃኢ ማሕበረሰብናን ሃገርናን ብንጥፈት ናይ ምስታፍ መሰልና ነረጋግፅ። እዚ ማኒፈስቶ ከም ኣዋልድ ኢትዮጵያ ንዘጋጥሙና ብድሆታት ንምፍታሕን መሰልናን ናፅነት ዉዳብናን ደጊምና ነረጋግፀሉን ሰፊሕ ማዕቀፍ እዩ። ኣብ ኩሎም ደረጃታት ከይዲታት ውሳነ ሃገርና ዝለና ተሳትፎ ካብ ምርግጋፅ ብተውሳኺ፡ ዘተኣማምን ተበፃሕነት ትምህርቲ፣ ፆታዊን ስነ-ተዋልዶን መሰልን ክንክንን፣ ሰላምን ድሕንነትን ከምኡ'ውን ውሑስን ሕሉውን ናይ ቤት ትምህርቲ ሃዋህው ክህልወና ንፅዕር። ካብዚ ብተወሳኺ ብሓባር ንረብሓና ጠጠው እንብለሉ፣ እንደጋገፈሉ፣ እንመሃሃረሉን ሓባራዊ ተግባራትን እንወስደሉን ዕድል ክፈጥር ዝኽእል ጥምረትን ፈፃሚ ትካል ንምፍጣር ልዑል ትኹረት ተዋሂብዎ እዩ። ተመኩሮታትና፡ ባህግታትናን ጠለባትናን ብምሓዝ እዚ ሰነድ ንእንገብሮም ፃዕርታት ጎስጓሳትን ክነዕውቶ እንሓስበ ማሕበራዊ ለውጥን ሓያል መሳርሒ ኮይኑ ዘገልግለና እዩ። ነዚ ንምፍፃም ድማ ብፖሊሲታት፣ ሕግታት፣ ባጀትን ተግባራትን ኣቢሎም ግቡእ ኣገባባት ደገፋዊ ምትእትታው ክነድፉ ምእንታን መዳርግቲ ኣካላትን ወሃብቲ ውሳነን ንምስታፍ ዝለዓለ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ።

እዚ ማኒፌስቶ ኣዋልድ ኣብ ክሊ ማዕቀፍ ሃገራዊ ሕገ-መንግስትን ዓለም ለኻዊ ውዕላትን ኮይንና መሰረታዊ ሕቶታትና ንምርኣይ ዝዓለመ እዩ። ስለዚ ንኹለን ኣዋልድ ኢትዮጵያ ዝሓሸ መፃኢ ንምፍጣር መሰላትና ንምስጓምን ንጻዕርታት ጎስጓሳትና ድማ ብመሰረት ሕገ-መንግስትን ኣህጉራዊ ውዕልን ክንመርሖ ቃል ንኣቱ።

# ፃውዒት ንተግባራዊ ስጉምቲን ለውጥን














**ማኒፌስቶ ኣዋልድ ኢትዮጵያ** 2017



## 1 ድምፅና ኣብ ሃገራዊ ከይዲ ዲሞክራታይዜሽን፣ ልምዓትን ምሕደራን ይሰማዕን ረቛሒ ይገበርን!

ንሕና ኣዋልድ ኢትዮጵያ ምልከታትናን ድሌታትናን ኣብ ህዝባዊ መድረታትን ከይዲ ውሳነታትን ወሰንቲ ረቛሕታት ምዃኖም ንምርግጋፅ ድምፅታትናን ጠለባትናን ክስምዑን ክጎልሁን ከም ዘለዎም ንኣምን። እዚ ብፍላይ ንዘሎዉ ኣድላዊ ማሕበራዊ ስርዓታት፣ ሕጋውን ፖሊሳውን ማዕቀፋት፣ ከምኡ'ውን ተበፃሕነት ትምህርቲ ሓዊሱ ኣብ ሕግ-መንግስታዊ መሰላትና ሓለፋታትናን ርኡይ ኣሉታዊ ፅልዋ ዝሎዎም ቀፀልቲ ግጭታትን ቅልውላዋትን ኣብ ግምት እንትኣትዉ ወሳኒ እዩ። ከም ውጽኢት እዞም ቅልውላዋት ድማ ንነዊሕ እዋን ምዕፃው ቤት ትምህርቲ ነይሩን ሐዚ 'ውን ኣሎ። እዚ ድማ ንኣዋልድ ከም ኣብ ትሑት ዕድመ መርዓ፡ ጥንሲ ኣባፅሕ፡ ምዝመዛ ህጻናትን ጾታዊ ምዝመዛን ንዝኣመሰሉ ከበድቲ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሓደጋታት ብምቅላዕ ብፍሉይ ሃስይወን እዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ሃገራዊ ከይዲ ህንፀት ዲሞክራሲ፣ ልምዓትን ምሕደራን ተሳተፍትን ተጠቀምትን ምዃና ንኽረጋገፅ ንሓንፀፅቲ ፖሊሲን ወሃብቲ ውሳነ ኣካላትን ኣጥቢቕና ንሓትት።

## 2 ዝተቛርፀ ትምህርቲና ንክጅምር፣ ዝዓነዉ ኣብያት-ትምህርቲ ብህፁፅ ዳግም ክህነፁን ንትምህርቲ ኣዋልድ ዝዓግቱ ዕንቅፋታትን ክውገዱን ንጠልብ!






ንሕና ኣዋልድ ኢትዮጵያውያ ትምህርቲ ንማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባለና ወሳኒ ዝኾነ መሰረታዊ መሰል ምዃኑ ኣፀቢቕና ንግንዘብ። እዚ መሰል ፅሬት ዘለዎ ትምህርቲ ንምርካብ ብፍላይ ድማ ከም ባህላውን ፋይናንሳውን ቅልውላው ዝኣምሰሉ ስርዓታውን መሓዉራውን ዕንቅፋታት የጋጥሙና ኣሎዉ።

# ፃውዒት ንተግባራዊ ስጉምቲን ለውጥን

ነዞም ብድሆታት ንምእራም ንኹለን ኣዋልድ ኢትዮጵያ ዕድላት ትምህርቲ ከብዝሑ ዝኽእሉ ተግባራዊ ስጉምትታት ክውሰዱ ፃውዒት ነቕርብ።ኹሎም ህፃናት ብፍላይ ድማ ኣዋልድ ብዘይ ፋይናንሳዊ ገደብ ናፃ ትምህርቲ ክረኽባ ዘኽእሉ ፖሊሲታት ከጠናኸር ንመንግስቲ ንፅዉዕ። ኣብ ገጠራትን ጎንፅታት ዘሎዎም ቦታታትን ተወሰኽቲ ኣብያተ ትምህርቲ ንምህናፅ፣ ዝዓነዉ ዳግም ንምህናፅን ንቶም ዝሎዉ ንምዕቃብን ተወሳኺ መዋእለንዋይ ከምዘድሊ ነስምረሉ። በዚ ኣቢልካ ኩለን ኣዋልድ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክርከባን ኣገልግሎት ትምህርቲ ክረኽባን ምርግጋፅ ይካኣል።

ንኣዋልድ እኹል መሳለጥያታት ንፅህና ዘቕርቡን ካብ ምግፋዕን ዓመፅን ናፃ ዝኾኑ ዉሑስ ሃዋህው ትምህርቲ ክፍጠር ንጠልብ።

ሞዴስ ንጥዕና ወርሓዊ ጽግያትና ኣታሓሕዝኡን ዝሕግዘና ኣገዳሲ ፍርያት እዩ። መንግስቲ ኣዋልድ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ሞዴሳት ክረኽባሉ ዝኽእለሉ ዕድል ምፍጣሩ ኣፍልጦ ንህብን ነድንቕን። እዚ ዋላ እኳ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት እንተኾነ 80% ህዝቢ ኣብ ገፀራት ኣብ ዝርከበሉ ኩነታት እዞም ተበግሶታት ኣብ ከተማታት ኣብ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ገና ድሩት እዩ። ስለዚ እዚ ሕፅረት ቀረብ ሞዴስ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ክፍታሕ ንምሕፀን። ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት ክህልዉ ንዝኽእሉ ተወሰኽቲ ድሌታት ንምትእንጋድ እውን ካልኦት ኣገደስቲ መናፅሂ ኣቑሁት ክቐርቡ ደጊምና ንፅዉዕ።

> “ሞዴስ ገይፂ ዘይኮነስ ንዓይን ንመዛኑይን ጥዕናና፣ ክብርናን ዓቕምናን ክንዕቅብን ኣብ ትምህርትና ምሉእ ብምሉእ ክንሳተፍን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ።”
>
> - ካብ ሓደ ገፀር ተማሃሪት 11 ክፍሊ

ቤት ትምህርቲ ማእኸል ዝገበረ ምምሕያሽ መሰረት-ልምዓት ንምሉእ ተበፃሕነትን ጠቓምነትን ኣብያተ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ንፅህናን ክብረትን ኣዋልድ ንምብራኽ ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ፅሩይ ዝስተ ማይ፣ ኢድ መሕፀቢ ንቑጣታት፣ ብፆታ ዝተፈለዩ ሽቓቓትን መብራህትን ኣብ ኩሎም ኣብያተ ትምህርቲ ተበፃሕቲ ክኾኑ ንላቦ። ምኽንያቱ እዚኦም ኩሎም ንፅህና ንምሕላውን ዘመናዊ ትምህርታዊ ተግባራት ንምርግጋፅን ኣዝዮም ወሰንቲ እዮም።

ቁፅሪ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ገፀራት ምውሳኽን ብምኽንያት ግጭት ዝፈረሱ ኣብያተ ትምህርቲ ከም እንደግና ምህናፅን፣ ናብ ርሑቓት ኣብያተ ትምህርቲ እንትጓዓዝ ካብ ዘጋጥሙና ተደጋገምቲ ጠለፋታት ንምክልካልን ድሕንነትና ክብ ንምባልን ኣብ ቀረባና ተወሰኽቲ ኣብያተ ትምህርቲ ምህናፅ።

ዝተፈላለየ ትምህርታዊ ድሌታትና ንምምላእ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ትምህርቲ ቤት መጻሕፍቲ፣ ቤተ ፈተናታትን ንኣዋልድ ዝምቾዉ ቦታታትን ክህነፁን ክህልዉን ንጉስጉስን ንደፍእን።

## 3 ኣብ ውሽጥን ከባብን ኣብያተ ትምህርቲ ከምኡ እውን ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወስዱ ኩሎም መንገድታት ምሉእ ውሕስነትን ሓለዋን ኣገዳሲ እዩ!



- ፀጥታና ብቐዋምነት ኣብ ዝሕለውሉ ከባቢታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንኽህልዉ ንፅዉዕ።
- ንዘጋጥሙና ተጓንፎታት ጥቕዓት ብምሉእ እምነት ሪፖርት ክንገብር ወይ ክነፍልጥ ዘኽእሉና ጥንኩራት ፀረ-ጥቕዓት ፖሊሲታት ምሕንፃፅ ወሳኒ እዩ።
- ንትምህርቲ ኣዋልድ ደጋፊ ሃዋህው ንምፍጣር ኣድላይነት ከለላ ኣዋልድ ኣብ ትምህርቲ ዝምልከት ንመራሕቲ ማሕበረሰብን ስድራቤታትን ዘሳትፉ መደባት ንቕሓት ማሕበረሰብ ምሕንፃፅ ኣገዳሲ እዩ።

> “ኣብ ክልል ትግራይ ዘሎዋ መሓዙተይ ብምውካል፣ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ድሕንነት እጠልብ። ኣነን መሓዛይን በዝኾነ ሰብ ከይንጥቃዕ፣ ከይፈራሕና ናብ ቤት ትምህርትና ክንከይድን ናብ ገዛና ክንምለስን ንደሊ።”
>
> - ናይ 12 ክፍሊ ተማሃሪት ነባሪት ከተማ

## 4 ዕንቅፋታት ምዝገባን ፃኒሒትን ትምህርቲ ምውጋድ

- ዋጋን ክብሪን ትምህርቲ ኣዋልድ ዘምህሩን ምልኣተ-ማሕበረሰብ ዘሳትፉን ወፍርታት ክግበሩ፤ በዚ ኣቢልካ ድማ ንሰብኣዊ መሰላት ኣዋልድ ዘይቕበሉ ጎዳእቲ ባህላዊ እምነታት መፍትሒ ክግበርሎም ንፅዉዕ።
- ስድራቤታት ኣብ ዘተታት ኣገዳስነት ምምሃር ኣዋልዶም ንኽሳተፉ ምግባር፤  ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ከም ናይ ውሽጢ ገዛ ስራሕን ሓላፍነት ክንክንን ደገፍ ምግባር ንትምህርትናን መፅናዕትናን ግዜ ንኽመቻቸወልና ይሕግዝ።
- ኣብ ኩሎም  ዓይነት ትምህርትታት ተሳትፎና ዘስፍሕን ፆታ ማእኸል ዝገበረ ኣገባብ ኣመሃህራን ንኽህሉ ንጉስጉስ፣ በዚ ድማ ኣብ ትምህርታዊ ፃዕርና ዓወትና ነረጋግፅ።
- ኣርኣያ ወይ ሞዴላት ምስ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዘራኽቡና ናይ ምኽሪ መደባት ምጥያሽ ኣብ ትምህርታዊ ጉዕዞታትና ከነቓቕሑናን ክመርሑናን ዝኽእሉ እዮም።
- ኣብ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ መደብ ምምጋብ ኣሎ፤ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ግን የለን። እዚ ደገፍ ንተማሃሮ ካልኣይ ብርኪ ብፍላይ ድማ ንኣዋልድ ብዝበለፀ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ኩለን ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ መደብ ምምጋብ ንኽተኣታተው ኣትሪርና ንሓትት። እዚ ድማ ንሕና ኣዋልድ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሑሳት ንኽንኮንን ኣብ ትምህርትና ድማ ንኽነተኩርን ይሕግዘና።
- ስድራቤታት ንኣዋልድ-ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ኽልእኹ ንምትብባዕ  ንኣዋልድ  መደባት ስኮላርሺፕን ገንዘባዊ ሓገዝን ክግበር ንሓትት።

> ኣነ ናብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ምእታው ዕድል ረኺበ ትምህርቲ ንዘይረኸባ መሓዙተይ ኣርኣያ ክኸውን እደሊ። ትምህርቲ ንኹሉ ክኸውን ከም ዘለዎ ድማ እጉስጉስ "
>
> - ካብ ከባቢ ገፀር ዝመፀት ጓል 19 ዓመት መንእሰይ።[1]

## 5 መሰል ሓበሬታን ኣገልግሎታት ጥዕናን ብቐንዱ ድማ ፆታዊን ስነ-ተዋልዶኣዊን ጥዕና (SRH)

ኣብ ዙርያ ፆታዊ ርክብ ዝግበር ዘተ ተኣፋፊ ክኸውን ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና፣ ነገር ግን ድሕነትና ወሰኒ እዩ። ሕገ-መንግስቲ ከምኡ'ውን ሕጊ ስድራቤት ኢትዮጵያ ፆታዊን ስነ-ተዋልዳውን ሓበሬታ ምርካብ ዘጠቓልል መሰል ትምህርትን ኣገልግሎት ጥዕናን ዘረጋግፁ እዮም። ብተወሳኺ እቲ ዝተመሓየሸ ሕጊ ስድራቤት፣ ሃገራዊ ፖሊሲ መንእሰያት፣ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ስትራተጂ ጥዕና  መንእሰያትን ኣገልግሎት ጥዕና ስርዓተ-ምውላድን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ዕድመ ዝምጥን፣ ኩለመዳያዊ ትምህርቲ ፆታዊ ርክብ፣ ንፍሉይ ድሌታት ጥዕና መንእሰያት ኣፍልጦ ይህብ። ከምዚ ዓይነት ሓበሬታ ብዛዕባ ኣካላትና፣ ጥዕና ስነ-ተዋልዶን መሰልናን  ዝምልከት ኣገዳሲን ፍልጠትና ንምሕያልን ንምዕጣቕን፣ ፈሊጥና እንትግብሮ ውሳነ ንምድንፋዕን ንጥዕናና ክንጣበቕ ዘኽእለናን ኣገዳሲ እዩ።

ስለዚ፡

- ንኹለመዳያዊ ፆታዊን ስርዓተ-ምውላድን ጥዕና ትምህርቲ፣ ሚኒስቴር ትምህርቲ (MOE)ን ክልላዊ ቢሮ ትምህርትን ንባህላዊ-ጉዳይ ምላሽ ዝህብ ስርዓተ ትምህርትን ፖሊሲታትን ንኽቕበሉ ንፅውዕ።
- ምስ ጥዕና ስነ-ተዋልዶ፣ መከላኸሊ ጥንሲ፣ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽሲታት (STI) ምክልኻል፣ ከምኡ እውን ምስ ጥዕና ኣእምሮ ዝተኣሳሰር ሓበሬታን ደገፍን ዝህብ ኣገልግሎት ጥዕና ምርካብ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ንጉዳያት ውልቅና ዘኽብርን ንፍሉይ ድሌታት ጥዕናና ዝምልከት ምስጢራዊነት ዝሕሉን፣ ከምኡ እውን ኩለመዳያዊ ክንክን ከም እንረክብ የረጋግፅ።
- ንጥዕናናን ንድሕንነትናን ዝምልከት ትኽክለኛ ሓበሬታን ኣገልግሎትን ክንረክብ ኩነታት ምምችቻው።

## 6 ፆታዊ ዓመፅን ጥቕዓትን ኣዋልድ ኣውግዱ!

ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ (GBV) ንዓና ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ጉዳይ እዩ። ኣዋልድ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣዋልድ ቤት-ትምህርቲ ፆታዊ ዓመፅ ሓዊሱ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓመፅ ተቓላዕነት እናወሰኸ እዩ ዝኸድ ዘሎ። ኣብ ብዙሓት ክልላት ዝነበረ ግርጭታት ነዚ ጉዳይ ንምግዳድ ኣበርክቶ ዝገበረ ኮይኑ፤ ብፍላይ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ እንኸደሉን እንምለሰሉን እዋን ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ኣእትዩና እዩ። ስግኣታት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ፣ መጥቃዕትን ምግፋዕን ሓዊሱ ንድሕነትና ኣብ ሕቶ ምልክት ዘእትዉ ጥራይ ዘይኮነስ ንትምህርታዊ ተስፋና ዝዕንቅፍ እውን እዩ ።

- ካብ ፆታዊ ዓመፅ ንምክልኻል ፅኑዕ ሕጋዊ ቅርፅን ስርዓታዊ ደገፍን ብህፁፅ የድልየና። ገበነኛታት ተሓተትቲ ምዃኖምን ካብቲ ሓደጋ ዝደሓኑ ድማ ኣድላዪ ጥዕናዊ፣ ሕጋዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊን ማሕበራዊ ደገፍን ከም ዝረኽቡ ምርግጋፅ።

- ኣብ ሳዕቤናት ፆታዊ ዓመፅ ንቕሓት ማሕበረሰብ ምዕባይን መዳነይቲ ማሕበራዊ ስርዓታት፣ ባህላዊ ኣሰራርሓን ፆታዊ ኣተሓሳስባን ምቕያርን።

> “ብዝተፈላለዩ ዓይነት ልማዳዊ ንዕቐታት ተሰቒና ኢና፤ እዚ ድማ ክልወጥ ኣለዎ ንኣብነት ‘ኣንስትያ እንተበዚሓስ ቁራፅ ሓምሊ የሕርራ’፣ ‘ ሰበይትያ ዝኾንይቶስ ዝብኢ እንትንቁይ ይፈርስ!’ ‘ሰበይቲ ተማሂራ ኣበይ ትበፅሕ!’ እዚ ኩሉ ልማዳዊ ንዕቐታት ክልወጥ ኣለዎ። ነዚ ኣገባብ ንምልዋጥ ድምፂ ክኸውን እደሊ።”
>
> - 19 ዓመት ዝዕድሚኣ ካብ ከተማ ዝመፀት መንእሰይ[1]




- ንመራሕቲ ማሕበረሰብ ዘሳትፉ ጎስጓሳት ንኽካየዱን ኣብ ልዕሊ ኣዋልድ ንዝፍፀም ዓመፅ ዜሮ ተፃዋርነት ዘለዎ ባህሊ ደቂ ሰባት ንኽዓብን ንፅውዕ። ከምኡ እውን ብፍላይ ኣብ መዓልታዊ ናብ ቤት ትምህርቲ ንጓዓዘሉ መንገዲ ተቓላዕቲ ምዃንና ንፈልጥ። እዚ ድማ ንኣድላይነት ውሑስ ናይ መጓዓዝያ ኣማራፅታትን ማሕበረሰባዊ ሓለዋታትን ዝኣመሰሉ መከላኸሊ ስጉምትታት ከምዘድሊ ዘጉልሕ እዩ።

- ንሕና ዕድላት ትምህርቲና ዘቕህሙ ጎዳእቲ ባህላዊ ኣሰራርሓታት ንምውጋድ ንሰርሕ።

- መሰል ትምህርትና ከይንጥቀም ካብ ዝኽልክሉ ብዝበዛታትን ጉልበት ህፃናትን ሓለዋ ክግበረልና ንሓትት።

- ንኣዋልድ ዝሕልዉ፣ ውሑስ ቦታ ዝፈጥሩ፣ ገበነኛታት ናብ ፍትሒ ንምቕራብ ሓላፍነቶም ዘረጋግፁን ሕግታት ንኽተግብሩ ንኣኽበርቲ ሕጊ (ፖሊስ፣ ፍትሒ፣) ንፅውዕ።

# ድምፅናን ናይ ምፍፃም ትካላዊ ዓቕምናን (ኤጀንሲ) ምጉላሕ!

ድልየትናን ኣረኣእያታትናን መብዛሕቲኡ ግዜ ዕሽሽ ከም ዝበሃሉ ንኣምን። እዚ ጉዳይ ድማ ንፈፃሚ ዓቕምናን ድምፅናን ኣብ ሕቶ ኣእትይዎ ይርከብ። ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ትምህርትን ማሕበረሰብን ውሑስ ዝኾነ ኩነታት ምስዝህልው፤ ብሓባር ክንከውን፣ ተመኩሮና ክነካፍል፣ ብዛዕባ ኣብ ህይወትና ፅልዋ ዘሕድሩ ጉዳያት ክንዘራረብ የኽእሉና። ከምዚኦም ዝበሉ ደገፍቲ መድረኻት ንዓና ኣገዳሲ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ግልፂ ዘተ ክንገብርን ስለ ባዕልና ክንገልፅን የተባብዑና።

ናይ ባዕልና ባዕልና ክንዛረብን ክንስማዕን ንላቦ። ካብዚ ብምብጋስ ድምፅና ንኽስማዕን ፈፃሚ ዓቕምና ኣብ እዋኑ ብግቡእ ግዲኡ ንኽፃወትን ዝሕግዝ ጥጡሕ ቦታ ምህላው ወሳኒ እዩ።

ኣብ ህዝባዊ መደረታት፣ ጎስጓስን ትካላዊ ክእለትን ዘተኮረ ናይ ዓቕሚ ምዕባይ ስልጠናታት ሓዊሱ ናይ ኣመራርሓ ልምዓትን ምብቃዕን መደባት ንኽህልዉ ንሓትት!

ናይ ኣመራርሓ ግደና ክንዋፃእ፥ ፈፃሚ ዓቕምና (ኤጀንሲ)፣ ርእሰ ተኣማንነትናን ኣብ ምኽራፅ መፃኢና ንጡፍ ተሳትፎና ክነሕይልን ኣብ ሃገራዊ መደባትን ትልሚ ክንሳተፍ ዕድላት ክህልዉ ንደሊ!

ሓሳባትና ከም ዝተሰምዑን ከም ዝተኸበሩን ንምርግጋፅ መምህራን፡ ሓገዝቲ መምህራን፡ ኣርኣያ ዝኾኑ ሰባት፡ መራሕቲ ማሕበረሰብን ወለድን ክሳተፉ ንሓትት!



## 1 ድልዱል ምትእስሳርን መድረኻትን ምምስራት!

ንዕብየትና ሓባራዊ ተግባር ኣገዳሲ እዩ። ሕብረትና ብምድልዳል፣ ሃፍትታት ብሓባር ብምጥቃም፣ ከምኡ'ውን ብሓባር ብምስራሕ ንዘሎዉና ሓባራዊ ዕንቅፋታት ክንስዕርን ነቲ ዘጋጥመና ፍሉይ ብድሆታት ክንፈትሕን ንኽእል። ምትሕብባር ንምዕባይን ኣወንታዊ ለውጢ ንምፍጣርን ኣብ መላእ ኣብያተ ትምህርትን ማሕበረሰባትን ድልዱል ጥምረታት ምምስራት ወሳኒ እዩ።

- ኣብ ዝተፈላለዩ መሓውራት፣ ምንቅስቓሳትን ጥምረታትን ንማሕበርና ቦታ ክህሉ ንደሊ ( ዎርክሾፓትን መራኸብቲ መድርኻትን ኣብ መንጎና ምትሕብባርን ሓሳብ  ምልውዋጥን ንክህሉ ብምምችቻው  ስምዒት ሓበራውነት ክዓቢ ክገብሩ እዮም።)
- ዲጂታላዊ መድረኻት ብፍላይ ንኣዋልድ ምፍጣር፣ ቴክኖሎጅን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ተተቚምና ብዝሰፍሐ ደረጃ ከንራኸብ፣ ክንተሓባበርን ክነለዓዕልን ብምኽኣል ነቲ ናይ ምውዳብ ፃዕርታትና የደልድል። እዚ ድማ ተመኩሮታትናን ዛንታታትናን ክነቕርብን ኣብ ዝምልከቱና ጉዳያት ክንሳተፍን  ዕድል ይፈጥር። በዚ ድማ  ህላወናን ፅልዋናን ይዓቢ።
- ለውጢታት ስርዓተ-ፆታዊ ስግግርን  ውፅኢታቶምን ምድጋፍ

## 2 መድረኻት ጎስጓስን መራኸቢ ዝርርባትን ምፍጣር

- መድረኻት ጎስጓስን ባዕልና ንባዕልና መራኸቢ ኣኼባታትን (interface meetings) ብምድላው ሕቶታትና ብሓንፀፅቲ ፖሊሲን ወሃብቲ ውሳነን ከም ዝስምዑ ምርግጋፅ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
- ምስ ኣርኣያ ዝኾናን መራሕቲን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መንጎ ወለዶታት ዝርርብ ምግባርን ዕላማና ንምዕዋት ኣብ ህይወተን ካብ ዝቐሰመኦም ተመኩሮታት ትምህርቲ እንወስደሉን ንቕድሚት እንሪአሉን ወሳኒ ጉዳይ እዩ።
- ዓወታትናን ውፅኢታትናን ምፅንባል ንቀፃሊ ስራሕትና ክነቓቓሕን ፅልዋና ክሕይልን ይገብር። እዚ ድማ ኣብ መንጎ መሓዙትና፣ መሳርሕትናን ኣባላት ማሕበረሰብን ናይ ምድጋፍ ባህሊ ዘተባብዕ እዩ።
- ንመሰላትና ዝበለፀ ደጋፊ ሃዋህው ንምፍጣር፣ ምርድዳእን ናይ ምትሕብባር ስምዒትን ንምድንፋዕ፣ ኣብ ፃዕርና ደቂ ተባዕትዮ መሓዙትን ኣባላት ማሕበረሰብን ከም ሓገዝቲ ኮይኖም ክሳተፉ ንፅውዕ።
- ብዲጂታል ትምህርቲ ክእለት ንኽነጥሪ ብምግባር ኣብ ዲጂታል መርበብ ሓበሬታ (online spaces) ብኣድማዒ መንገዲ ንምንቅስቓስ፣ ንመሰልና ንምጉስጓስን ምስ ብዙሓት ሰማዕትና ንምርኻብን ኣገዳሲ እዩ።

## 3 ንኹለን ዝተገለላን ተቓላዕትን ኣዋልድ ዝሓቁፍ መስርሕ



ንሕና ኣዋልድ ኲልና ሓደ ኣይኮናን። ድሌታትና ድማ ይፈላለ እዩ። ንሕቶታትናን ድሌታትናን ኣብ ምፍታሕ ዝተፈላለዩ ኣገባባትን ስትራተጂታትን ክትግበሩ ንሓትት። ዋላ እኳ ብዙሕ ናይ ሓባር ሓሳባት እንተሃለዉና፣ ሕቶታትናን ጠለባትናን ከከም ቁጠባዊ፡ ክልላዊ፣ ባህላውን ኲነታት ናይቲ እንነብረሉ ዘለና ማሕበረሰብ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣብ መዓስከራት (IDP) ዝነብራ ኣዋልድ ምስ ካልኦት ኣብ ብተዛማዲ ሰላማዊ ዝኾነ ማሕበራዊ ህይወት ምስ ዘለና ኣዋልድ ሓደ ክንኮን ኣይንኽእልን።

ካብ ስነ-ልቦናዊ ሃስያ ኽንሓዊ ዘሎዉ ውሑዳት ናይ ደገፍ ስርዓታት ተወሲኹዎ ንብዙሓት ዓመፃትን ጥቕዓታትን፣እንተላይ ንፆታዊ ዓመፅን ቁጠባዊ ምዝመዛን ተቓላዕቲ ምኧንና ተማሂርና ኣለና።

ኣብ መዓስከራት (IDP) እንነብር ንውሕስናን ምርግጋጽናን ዝለዓለ ሓደጋታት የጋጥመና ስለ ዘሎ ህፁፅ እታወታት ትምህርትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍን የድልየና። ኣካለ-ጉድኣት ኣዋልድ ብሰንኪ ሕፅረት መንበሪን ሕብረተሰባዊ ምግላልን ንትምህርቲ ተወሳኺ ዕንቅፋት ከጋጥመና እንከሎ ብቑጠባ ካብ ዝተዳኸመ ድሕረ ባይታ ዝመፃና ድማ ብዘይ ገንዘባዊ ሓገዝ ትምህርቲ ንምክትታል ተፀጊምና ንርከብ።

- ብግጭት ኣብ ዝተፀለዉ ከባቢታት ብፍሉይ ተቓላዕነትናን ምግላልን ስለዝበፀሐና ኣፍልጦ ክወሃበና ንፅውዕ። ብዙሓት ካባና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓመፅን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሰያን ዝበፀሐና ኢና። ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮን ስነ-ልቦናዊ ሃስያን ንምሕዋይ ዝሕግዙ ናይ ደገፍ መደባት ምትግባር ኣገዳሲ እዩ!

- ንሕና ብሰንኪ ግጭት ትምህርቲ ዘቋረፅና ኣዋልድ ናብ ትምህርቲ ንኽንምለስ ዘተባብዑ ተበግሶታት ንድግፍ። ነቶም ኣብ ልዕሊ ኣዋልድ ዓመፅ ዝፈፀሙ ሰባት ብተግባሮም ብሕጋዊ መንገዲ ተሓተቲ ንምግባር እውን ብጥብቂ ንሰርሕ!

- ኣብ ዘሰሓሕቡ ከባቢታት ኣብያተ ትምህርቲ ክፀገኑን ዳግማይ ስራሕ ክጅምሩን ንሓትት!

> “ንልዕሊ ክልተ ዓመት ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይከድናን። ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተመለስና ኲሉ ነገር በቲ ደማዊ ኲናት ዓንዩ። እቲ ኲናት ህንፃታት ቤት ትምህርትና ምፍራስ ጥራይ ዘይኮነ ባህግና እውን እዩ ኣፈሪሱ። ሓለዋን ድሕነትን ክንረክብ ንደሊ።”
>
> - ኣብ ቀረባ ግጭት ካብ ዝተገበረሉ ከባቢ ዝመፀት ጓል 19 ዓመት ተምሃሪት[1]

- ንሕና ጉድኣት-ኣካል ዘለና ኣዋልድ ድሌታትናን ስክፍታታትናን ንኽፍታሕ ብዘይምቁራፅ ንፅውዕ። እዚ ድማ ትምህርትን ኣገልግሎትን ንኽንረክብ ዘመቻቹ፣ ምጥቕቓምን ኣድልዎን ንምውጋድ፣ ኣድላዪ ዘበለ ግልጋሎት ንኽህልወና ንኹሉ ዝሓቁፍ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ንኽህሉ ይሕግዝ።

> “ሓደ ሓደ ግዜ ንፈተና ኮፍ ምባል የፀግመኒ ምኽንያቱ ንጉድኣት-ኣካል ኣዋልድ ዝኸውን እኹል መሳርሒ ስለዘየለ እዩ። ኲለን ጉድኣት-ኣካል ኣዋልድ ዕላመአን ንምዕዋት ዝበለፀ ኣቓልቦ ክረኽባ እደሊ።”
>
> - ጓል 20 ዓመት ጉድእቲ ኣካል

# ፃውዒት ንተግባራዊ ስጉምቲን ለውጥን

- ንሕና ኣዋልድ ማሕበረሰብ ኣርባሕቲ-እንስሳ ንጠለባትና ዘማልኡ ተስማዕማዕቲ ዝኾኑ ናይ ትምህርቲ ኣማራፂታት ንኽንረክብ ኣማራፂ መሰረታዊ ትምህርቲ ንኽስፋሕፋሕን ንፅውዕ።

"ኣነ ካብ ማሕበረሰብ ኣርባሕቲ-እንስሳ እየ መፂአ። ኣማራፂ መሰረታዊ ትምህርቲ ብምስፍሕፋሕ ምስ ህይወትና ብዝሰማማዕ መንገዲ ክንመሃር ዕድል ከም ዝህበና ይኣምን። መዓልታዊ ክውንነትና ዝርድኡን ዝሓሸ መፃኢ ንምህናፅ ዝሕግዙና ተለዋወጥቲ ኣብያተ ትምህርቲ የድልዩና።"

- ጓል 18 ዓመት ዝዕድሚኣ ካብ ማሕበረሰብ ኣርባሕቲ-እንስሳ ዝመፀት

- ጐዳኢ ባህላዊ ልምድታት ብፍላይ ድማ ናይ ህፃናት መርዓን  ምግራዝ ደቂ ኣንስትዮን  ጠጠው ንኽብሉን ሕድሕድ ጓል-ኣንስተይቲ ማሕበረሰብ ኣርባሕቲ-እንስሳ ፅሬት ንዘለዎ ትምህርቲ ማዕረ ተበፃሕነት ክልዋን ንፅውዕ!

"ኣብ ከባቢ ኣርባሕቲ-እንስሳ ማሕበረሰብ ኣዝዮም ዝተስፋሕፍሑ ንፍላይ ናይ ህፃናት መርዓን ግርዛት ደቂ ኣንስትዮን ካልኦት ጐዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ጠፊኦም ክርኢ ይደሊ። ኣብ ማሕበረሰብ መርባሕቲ-እንስሳ ዘለዋ ኩለን ኣዋልድ ድማ ትምህርቲ ክረኽባ ኣለወን"

-ጓል 18 ዓመት ካብ መርባሕቲ እንስሳ ከባቢ ዝመፀት ጓል-ኣንስተይቲ

- ወለድናን ኣለይትናን ንዝሰኣንና ኣዋልድ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ኣብ መፅለሊ ተመዛበልቲ ንእንነብር ኣዋልድ ንትምህርትና ዝግበር ደገፍ ሓዊስካ ፍሉይ ኣቓልቦን ሓለዋን ክግበረልና ንጠልብ።

"ካብቲ ዝነብረሉ ዝነበርኩ ቦታ ስለዝተመዛበልኩ እቲ ክመሃረሉ ዝጀመርኩ ሓድሽ ሃዋህው ቤት ትምህርቲ ክርድኣኒ ስለ ዘይክኣለ ብዙሕ ተሳቒየ። ንሕና ተመዛበልቲ ኣዋልድ ንሳቐ ኣሎና፤ ንማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታትና ኣብ ግምት ዘእተወ ትምህርቲ ክንረክብ ይግባእ"

- 19 ዓመታ  ጓል ካብ መፅለሊ ትመዛበልቲ ካምፕ

- ኣብ ትሑት ቁጠባዊ ድሕረ-ባይታ ዝንርከብ ኣዋልድ ቁጠባዊ ናፅነትና ንምዕዋትን ንኣና ብፍሉይ ዒላማ ዝገበረ ገንዘባዊ ሓገዝን ሞያዊ ስልጠናታት ክግበር ብትሪ ድፊኢት ንገብር!

- ፆታዊ ምዕሩይነትን ኸለላ ንኹለን ኣዋልድን ቀዳምነት ከም ዝወሃቦም ንምርግጋፅ መንግስቲ ንተበጻሕነት ትምህርትን ድሕነትናን ዝዕንቅፉ ፖሊሲታት ንኽመሓይሽ ንምሕፀን!

- ንኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናዊ ድሌታትና ንምምላስ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣገልግሎታት ጥዕና ምስ ኩነታትን ኣወሃህባን ትምህርቲ ከወሃህድ ይግባእ። ምስ ፍሉይ ብድሆታትና ዝኸዱ ኩለ መዳያዊ መደባት ደገፍ ክሕንፀፁ ንፅዉዕ!



# መዳርግቲ ኣካላት ናብ ምንቅስቓስና ክጽንበሩ ንፅውዕ!

ንምብቃዕ ኣዋልድን ተፈፃምነት እዚ ማኒፌስቶን ኣብ እንንገብሮ ወሳኒ ምንቅስቓስ ወይ ፃዕሪ ኹሎም መዳርግቲ ኣካላ ማለት እውን ዘቤታዊ ሲቪላዊ ማሕበራት (CSOs)፣ ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ(WOs)፣ ዘይመንግስታውያን ትካላት (NGOs)፡ ዓለም ለኻውያን ዘይመንግስታውያን ትካላት (INGOs)፡ ጉጅለታት ሰብኣዊ መሰላትን ክጽንበሩና ንፅዉዕ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበራዊ ፃዕርን ምትሕብባርን ንእንገብሮ ጎስጓስን ድፊኢትን የጠናኽሩልና፣ ከምኡ'ውን ድሌታትን መሰላትን ኣዋልድ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ሕብረተሰብ ብኣድማዒ መንገዲ ከም ዝፍትሑ የረጋግፁልና።

ኣብ ልዕሊ ሓንፀፅቲ ፖሊሲን ወሃብቲ ውሳነን፣ መንግስታዊ ሚኒስትሪታት ዘፈራትን ቢሮታትን ንዘለዉ ፖሊሲታትን መደባትን ከተግብሩን ንጠለባትናን ብድሆታትናን ዝፈትሑ ክለስታት ክገብሩን ፀቕጢ ግበሩ!

ንጻዕርታትና ንምድጋፍን ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ንምምፃእን ዝተዋህለለ ተመኩሮን ቴክኒካዊ ሓገዝን ኣብ ጥቕሚ ነውዕል ከምኡ'ውን ዘድሊ ሃብቲ ንመድብ!

ንኣዋልድ ክብረን ከለላን ዘጓናፅፍ ባህላዊ ለውጢ ንምምዕባል መራሕቲ ማሕበረስብን ስድራቤታትን ንትምህርትና ቀዳምነት ክህቡን ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ክሰርሑን ዓቕሞም ክዓቢ ምግባር ኣገዳሲ እዩ!

ኣዋልድ መሰረት ዝገበሩ ፖሊሲታትን ትልምታትን ምትግባር ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕናን ማሕበራዊ ዓቕምን ርኡይ ምምሕያሽ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር እዘም ተበግሶታት እዚኣቶም ብሓቂ ውፅኢታዊ ምኳኖምን ንሓቀኛ ድሌታት ኣዋልድ ዝምልከቱ ምኳኖም ንምርግጋፅን ዘምፅእዎ ለውጢ ንምክትታልን ንምግምጋምን ዘተኣማምኑ ሜላታት የድልዩና። ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰባትና ግልፅነትን ምትእምማንን ንምስፋን ኣብ መንጎ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ተሓታትነት ምስፋን ወሳኒ እዩ።

ኹለን ኣዋልድ ኢትዮጵያ ብሩህ መፃኢ ንክህልወን ንዘም ሓባራዊ ተግባራት ብምውሳድ ደገፍኩም ክትቕፅሉ ንፅውዕ!!!




# ተላዒልና ኣሎና፡ ድምጽና ካዓ ይሰማዕ!

[1] እዛ ሓሳብ ወሃቢት ዕድመኣ ዳኣ 19 ይኹን እምበር ብዝትተፈላለዩ ምኽንያታት፣ ኲናት፣ ግጭትን ካልኦት ቀውስታትን ኣዋልድ ኣብ ማሕበረ-ቁጠበአን ይድሕራ ስለ ዝኾና እዩ።

# ማኒፌስቶ ኣዋልድ ኢትዮጵያ 2017

+251952048277 newaethiopia@gmail.com
In front of Gibson Academy,Kebele 24,
Addis Abeba, Ethiopia
P.O Box 19357

**www.newaethiopia.org**

design & print: creativeprofusion.com